# ምዝመዛ ቈልዑ ንስጋዊ ርክብ

ግብረ-ስጋዊ ምዝመዛ ሕጋዊ ኣይኮነን ገበናዊ ዓመጽ'ውን ኢዩ ። ግብረ-ስጋዊ ምዝመዛ ሓደ ሰብ ንስጋዊ ርክብ ህያባት ወይ ጉንዖ ፣ ወይ ነገራት ከም መግቢ፣ገዛ ንምቕማጥ፣ ዕጸ-ፋርስ፣ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ገንዘብ ክህብ ምስ ዝድሊ ኢዩ። ምዝመዛ ቈልዑ ንስጋዊ ርክብ ሓደ ልዕሊ-ዕድመ ወይ እምነት ኣብ ዝሓትት ቦታ ወይ ስልጣን -ከም ዘመድ፣መምህር፣መራሒ ሃይማኖት፣ ወይ ጠበቓ ንስጋዊ ድልየታት ንናእሽቱ፣ ብቐሊል ክጉድኡ ዝኽእሉ( ትሕቲ 18 ዝዕድመኦም) ክብለጸሎም ከሎ ኢዩ። ግብረ-ስጋዊ ምዝመዛ ኣካል ናይ ትሕቲ-ዕድመ ምትንካፍ ወይ ንትሕቲ-ዕድመ ኣካልእ ካልእ ሰብ ንግብረ-ስጋዊ ተግባራት ክትንክፍ ምሕታት የጠቓልል።

## ብግብረ-ስጋ ዝምዝመዝ መን'ዩ?

ብብዝሒ ናይ ግብረ-ስጋዊ ምዝመዛ ግዳይ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ኢየን፣እንተኾነ ግን ኣወዳት'ውን ይምዝመዙ ኢዮም። ብዙሓት ናይ ስድራ-ቤት ግርጭታት፣ወልፊ ወይ ኣብ ግዜ ሕጻንነት ዓመጽ ከም ሸለልትነትን(ብግቡእ ዘይምእላይ) ኣካላዊ ወይ ግብረ-ስጋዊ ዓመጽ ዘጋጠሞም ኢዮም። ብዙሓት ንሓጺር ወይ ንነዊሕ ግዜ ዝነብርሉ ገዛ ዘይብሎም ዝጸንሑ ኢዮም፣ ብዙሕ ግዜ ዝነብርሉ ገዛ ኣብ ዘይብሎም ግዝያት ኢዩ ልዕሊ-ዕድመ/ዓበይቲ ንስጋዊ ርክብ ክብልጹሎም ዝደልዩ።

## ንስጋዊ ርክብ ንጥፈት ቅቡል ዕድመ ኣየናይ ኢዩ?

ንስጋዊ ርክብ ቅቡል ዕድመ ኣብ ካናዳ 16 ኢዩ። እዚ ዕድመ'ዚ ኢዩ ሓደ ሰብ ብዛዕባ ግብረ-ስጋዊ ንጥፈት ናይ ገዛእ ርእሱ ውሳኔታት ክገብር እኹል ዕድመ ከም ዘለዎ ዝግመት።ወላኳ 16 ሽዱሽተ ዝዕድመኦም ውሳኔታት ብዛዕባ ግብረ-ስጋ ክገብሩ እኹል ዕድመ እንተሃለዎም፣ ገና ልዕሊ-ዕድመ ኣይኮኑን። ኣብ ማኒቶባ ሓደ ሰብ ልዕሊ-ዕድመ ዝቑጸር ኣብ 18 ዕድሙ ኢዩ። 16 ዝዕድሚኡ ምስ ልዕሊ-ዕድመ ስጋዊ ርክብ ንምፍጻም ዝሰማማዕ እቲ ልዕሊ-ዕድመ ኣብ እምነት ዘድልዮ ቦታ ወይ ስልጣን <u>ምስ</u> ዘይህሉ <u>ጥራይ</u> ኢዩ። ሓደ ኣብ ናይ ስልጣን ቦታ ወይ እምነት ዘድልዮ ቦታ ዘሎ ልዕሊ-ዕድመ ምስ ዝኾነ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኡ ሰብ ስጋዊ ርክብ ክፍጽም ሕጋዊ ኣይኮነን። ብሕጊ ናይ ምምእዛዝ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ሓላፍነት ኢዩ።

## ቈልዑ ብግብረ-ስጋ ምምዝማዝ ገብነኛ ኲንካ ምስ እትርከብ እንታይ ይስዕብ?

ትሕቲ 16 ዝዕድመኦም ቈልዑ ብግብረ-ስጋዊ ምዝመዛ ገብነኛ ኲይንካ ምስ እትርከብ ክሳብ 10 ዓመታት ክትእሰር ይክኣል፣ ካብ ካናዳ ክትስጐግ'ውን ይክኣል። ጠባይካ ናይ ስድራ-ቤትካን ማሕበረ-ሰብካን ወይ ማሕበራዊ-ጉጅለካን ጽቡቕ ስም ክትንክፍ ይኽእል። ፖሊስ ንስምካ ዝኾነ ሰብ ክርእዮ ኣብ ዝኽእል ናይ ቈልዑ ዝበደሉ ናይ መዝገብ ዝርዝር ይምዝግብዎ። ምሉእ ሂወትካ ሓፊርካ ትነብር ከምኡ'ውን ስራሕ ክትረክብ ወይ እትነብረሉ ቦታ ክትረክብ ጸገም ከጋጥመካ'ውን ይኽእል።

## ኣብ ጥዕና ሳዕቤናቱኸ እንታይ ኢዩ?

ብግብረ-ስጋዊ ርክብ ዝተመዝመዙ ቈልዑ ብስጋዊ ርክብ ዝተሓላለፉ ረኽስታት(STIs) ወይ ሂዩመን ኢሚዩኖዲፊሸንሲ ቫይረስ(HIV) ክህልዎም ይኽእል። ብዘይካ ኮንደም ስጋዊ ርክብ ምስ እትፍጽም፣ እቶም ቈልዑ ክብክሉኻ ፣ ወይ ነ'ቶም ቈልዑ ብ STI ክትብክሎም ትኽእል። STI ምስ ዝህልወካ ወይ ምስ እተተሓላልፍ፣ HIV ክሕዘካ ቀሊል ይኸውን። HIV ንኤይድስ(AIDS) የስዕብ፣ ንኤይድስ(AIDS) መድሃኒት የብሉን። ብ HIV ምስ እትብከል፣ ከይትፈልጦ ይክኣል ኢዩ ምኽንያቱ ዝኾነ ይኹን ምልክታት ከይህልወካ ይኽእል ኢዩ። ወላ ምልክታት እንተ ዘይብልካ፣ ነ'ቲ ረኽሲ ናብ ካልኦት ናይ ግብረ-ስጋ ብጾትካ ፣ ብዓል-ቤትካ ወይ ብዓልቲ-ቤትካ፣ ከምኡ'ውን ወላ ኣብ መጻኢ ንዝወለዱ ቈልዑትካ ተተሓላልፎ።

## ሓደ ሰብ ንቈልዓ ብግብረ-ስጋ ይምዝምዝ ኣሎ ኢልካ ምስ እትሓስብ እንታይ ክትገብር ኣለካ?

ንቈልዑ ካብ ግብረ-ስጋዊ ርከብ ምክልኻል ናይ ነብሲ-ወከፍ ልዕሊ ዕድመ ሓለፍነት ኢዩ። ሓደ ቈልዓ ተመዝሚዙ ወይ ተዓሚጹ ኣሎ ኢልካ ምስ እትጭነቕ፣ ስግኣትካ ንፖሊስ፣ ንቻይልድ ኣንድ ፋሚሊ ሰቪስስ፣ወይ ንናይ STI ክፍሊ ኣብ ናይ ጥዕና ክልኒክ ምሕባር የድሊ። ስምካ ክትህብ ኣየድልን ኢዩ እቲ እትህብዎ ሓበሬታ ከኣ ስቱር ይኸውን። ስግኣታትኩም ከመይ ጌርኩም ከምእትሕብሩ ርግጸኛ ምስ ዘይትኾኑ፣ ንኣማኻሪኹም/ኣማኻሪትኩም (ካውንስለር) ኣዘራርቡ ክሕግዝኹም'ውን ሕተቱ

እዚ ዝስዕብ ተግባራት(ንጥፈታት) ሕጋዊ ኣይኮነን። እዚ ዝስዕብ ምስ ዝፍጸም ንፖሊስ ኣመልክቱ፥

- ሓደ ልዕሊ-ዕድመ ኣብ ጎደና/መንገዲ ንትሕቲ 18 ዝዕድመኡ/ዝዕድመኣ ንግብረ-ስጋዊ ተግባራት

  ክሓትት ምስ እትርእዩ
- ሓደ ውልቀ-ሰብ ቈሎዓ ንግብረ-ስጋ ክሸይጥ(ከማጽእ) ምስ እትርእዩ
- ኣብ ኢንተርነት ናይ ቘልዑ ዓመጽ ስእልታት( ናይ ቈልዑ ጽዩፍ ስእልታት) ምስ እትረኽቡ
- ሓደ ቈልዓ ብኢንተርነት ንግብረ-ስጋዊ ዕላማ ምስ ዝሕተት
- ሓደ ዌብሳይት ቈልዑ ንግብረ-ስጋዊ ዕላማ ምምዝማዝ መገሻ ከተባብዕ ምስ እትረኽቡ
- ሓደ ገዛ ኣብ ከባቢኹም ንግብረ-ስጋዊ ምዝመዛ ንቈልዑ ይውዕል ኣሎ ኢልኩም ምስ እትጥርጥሩ
- ሓደ ቈልዓ ኣብ ስድራኡ ወይ ሓንቲ ቈልዓ ኣብ ስድራኣ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፣ወይ ኣብ ዝኾነ ካልእ

  ቦታ ምምዝማዙ/ምምዝምዛ ምስ እትፈልጡ

ነ'ዚ ዘይሕጋዊ ተግባራት ኣብ www.cybertip.ca ክትሕብሩ ትኽእሉ፣ ብ 986-3464 ንፖሊስ ደውሉ፣ወይ ኣብ wps-vice@winnipeg.ca ኢመይል ግብሩሎም። ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ'ዚ፣ www.stposexwithkids.ca ተወከሱ።